ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil Society of Tigray

Tigray, Mekelle

# መግለፂ ቅዋም ሰብ-ሕድሪ ኣብ ህልው ኩነታት

- “ዕርቂ” ህ.ወ.ሓ.ት-ኣዴፓ ን ኦፊሴላዊ መግለፂ ዋዕላ ፈጻሚት ኢህወዴግን ስዒቡ ዝተውሃበ፤

**መእተዊ፤**

ከምቲ ኩልና እንርድኦ እዚ እዋን እዚ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት እትርከበሉ፤ ህልውናኣ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ምልክት ሓደጋ ዝኣተወሉ ወቕቲ እዩ። ኣብታ ሃገር ካብ ታሪኽ ዝተወረሱ ተቓርኖታት፤ እናዓበዩ ዝመፁ ዘይቃደዉ ባህግታት፤ ኣብ ከይዲ ህንፀት ሃገረ-መንግስቲ ዝተደመሩ ጸገማት፤ ውሽጢ ንውሽጢ ፈኺም ክብል ዝፀንሐን ምቹው ግዘ ዝፅበ ዝነበረን ናይ ሕነ-ፈዳይነት ስምዒት (ናይ “ደም-መላሽ” ፖለቲካ)፤ ኢድ ኣእታውነት ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምስ ውሽጣዊ ንቕዘት እቲ ገዛኢ ውድብ ተደማሚሮም ነታ ሃገር ኣብ ቀልቀል ጸድፊ ክትረክብ ገይሮምዋ እዮም።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብታ ሃገር ተዓፊኖም ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ነንርእሶም ዘይሳነዩ ተፃረርቲ ሕልምታት ዘለዎም ፣ ብኣብዝሓ ድማ ካብ ሕነ-ምፍዳይ ዝዘለለ ራኢ ዘይብሎም ብርክት ዝበሉ ሓይልታት ፖለቲካ፤ ፀፀግዖም ፈልዮም ይተፋነኑ ኣለዉ። እዞም ሓይልታት ነንርእሶም ዘሳኒ ዋላ ሓንቲ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ከምዘይብሎም ይፍለጥ ዝነበረን ብግልፂ ዝርአ ዘሎን እዩ። ምናልባሽ ንመብዛሕትኦም ኣብ ሓደ ጠረጴዛ ከራኽቦም ዝኽእል ናይ ሓባር ዛዕባ እንተሃለወ፤ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘለዎም ሕዱር ፅልኣትን እንተኾይኑሎም ድማ ንትግራይ ከምዘይትልዓል ወቒዕኻ ቂምካ ንምውፃእ ዘለዎም ልዑል ድሌትን ጥራሕ እዩ።

ብግልፂ ከምዝርአ ‘ውን ድሌት እዞም ሓይልታት ብፍላይ ድማ ባህጊ ልሂቃን ኣምሓራ ዳርጋ ሙሉእ ንሙሉእ ኣብ ዙርያ ዓንኬል ፀረ-ትግራዋይነትን ሕነ-ፈዳያይነትን ዝሕምበብ እዩ። መበገሲኡን መዛዘሚኡን ቁፅሪ ትግራዋይ ክንዲ ዝኽኣልካዮ ቀናኒስካ፣ ነታ ትግራይ ድማ ብዚን ብቲን ቖራሪስካ ህውልናኣ ምጥፋእ እዩ።

ልሂቃን ኣምሓራ ህልውንኦምን ዓወቶምን ኣብ ልዕሊ መቓብር ትግራይን ተጋሩን ጥራሕ ዝረጋገፅ ጌርካ ዝርኢ ሕልሞም ናብ ጋህድነት ይቕየር ኣብ ዘለሉ እዋን፤ ምስዞም ሓይልታት ዝግብር “ዝተ ሰላም” ድማ፤ ብደቂቑ ገምጊምካ ብግቡእ ምስትውዓል ዘድሊ ዋኒን ይኸውን።

## ሀ. “ዕርቂ” ህ.ወ.ሓ.ት-ኣዴፓ፤

እምበኣር እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓቅታትን ኣተሓሳስባታትን ኣብ ቦትኦም ኣብ ዘለዉሉ፣ ምህላው ጥራሕ እውን ኣይኮነን ብብመዓልቱ እናገወዱ ይኸዱ ኣብ ዘለዉሉ፤ ኣብ ኣደባባይ ብስልፊታትን፣ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት፣ ኣብ ሚድያታት ኣምሓራ ብግልፂ ብኣዋጅ ይዝረቡ ኣብ ዘለሉ ኹነታት እዩ ሃንደበት “ዕርቂ” ዝብሃል ነገር ዝመፀ።

ዕርቂ፣ ሰላምን ራህዋን ዝፀልእ ጥዑይ ሰብ ኣይህሉን። ብፍላይ ከም ትግራዋይ ዝበለ ዋጋ ኹናት ኣዐርዩ ዝፈልጥ መዋእሉ ሙሉእ ህልውኑኡ ንምርግጋፅ ኣብ ቃልሲ ዘሕለፈ ህዝቢ ንሰላም፣ ንዕርቂ ኣዐርዩ ይብህግ። ሰላሙ ንምርግጋፅ ድማ ዝኾነ ዋጋ ክኸፈል ድሉዉ እዩ። ካብ ትግራዋይ ንላዕሊ ብዛዕባ መስካሕካሓይነት ኵናት፣ ብዛዕባ ኣድላይነት ሰላም ብቐረባ ዝፈልጥ የለን፤ ልዕሊኡ ድማ ዝብህጋ ኣይህሉን። ኣብ ዝሓለፉ

ቁጽሪ ቴለፎን፡ 0910070174/0914262298/0911966470

**ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ**
ትግራይ ፣ መቐለ

**Seb-Hidri Civil Society of Tigray**
Tigray, Mekelle

ሰለስተ ዓመታት ኣብዛ ሃገር ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ግፍዕታትን ስልጡን ግብረ-መልሲ ህዝቢ ትግራይን ብምርኣይ ጥራሕ ናይዚ ህዝቢ መጠን ዓቕሊ፣ ፀዋርነት፣ ሰላም ደላይነት ብቐሊሉ ምርዳእ ዝከኣል እዩ።

ዝሓለፈ ሰሉስ 7 ጥሪ 2011 ዓ.ም ናይ ኣ.ዴ.ፓን ህ.ወ.ሓ.ትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ብድፉኑ "ዕርቂ ገይሮም" ተባሂሉ ኣብ መስኮት ቴሌቪዥን እውን ጎኒ ንጎኒ ኾፍ ኢሎም ናይ ቃል-ዓለም ዝመስል ድፍንፍን ዝበለ ሓበራዊ መግለፂ ክወሃብ ተዓዚብና ኢና። ሓፈሻዊ መንፈስ እቲ ኹሉ ኸይዲ ደሚርና እንትንፍትሾ ግን ዝገደደ ዘሻቕል ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።

ኣብ ዋኒናት፣ ሓሳባት፣ ድሌታት ኢኻ ዕርቂ ትገብር። ኣብ መሰረታዊ እቶም ነቲ "ዕርቂ" ዘበገሰ ጎንጽ ዘለው ፍልልያት ኢኻ ስምምዕነት ትፈጥር። እንካ-ሃባ ተበሃሂልካ ወይ ድማ ዝነበረካ ናይ ሓሳብ ዘይምርድዳእ ብሓሳብ ተሚጉትካ ንምስምማዕ ወይ ንዘይምስምማዕ ተሰማሚዕኻ ኢኻ ዕርቂ ትገብር። ኮይኑ ግን ክሳብ ሐዚ ካብዚ "ዕርቂ" እተብሃለ ድራማ ንህዝቢ ዕላዊ ዝተዝበሩ ናይቲ "ዕርቂ" ፍረ-ሓሳባት የለዉን። ብስሩ እውን ኣብ ፍረ-ሓሳባት ሞጎት፣ ምርድዳእ፣ እንካ-ሃባ ከምዝተገበረ እውን ዝኾነ መረጋገፂ የለን። ንኣብነት ግዛኢ ውድብ ክልል ኣምሓራ ኮነ ካልኦት ልሂቃን ኣምሓራ "ወልቃይትን ራያን ብሓይሊ መንዚዕና እቲ መሬቶም ናይ ኣምሓሩ፣ ነቲ ህዝቢ ድማ ጨፍሊቕና ኣምሓራይ ክንገብሮ ኢና" ዝብል ነዋሕ ዝኸደ ፈኸረኦምን ሰብዳኖምን ከምዝገደፉን ምስ ሓቂ ከምዝተዓረቑን መረጋገፂ የለን። የግዳስ ኣብ መሬት ዘለዉ ሓቅታት ዘረጋግፁልና እቲ ኩነታት ብግልባጡ ከምዘሎ እዩ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ህይወት ንብረት ተጋሩ ዝበጽሐ ዕንወት ተሓታቲ ከይሃለወ፣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ተጋሩ ንብረቶም ተመንዚዖም ተመዛቢሎም ንሓሳረ-መከራ ተዳሪጎም ይሳቐዩ ኣብ ዘለውሉ ኩነት "ዕርቂ" ኢልካ ፖለቲካዊ ምርኢት ትርጉም ዝህልዎ ኣይኮነን።

ዝኸፍአ ድማ፣ ኣይቶ ገዱ ቐትሪ ኣብ ኣዲስ ኣበባ "ተዓሪቕና ኢና፣ ድሕሪ ሐዚ ንሰላም ክሰርሕ እየ" እናበሉ ውዒሎም ፣ ንኣጋ ምሸቱ ግን ኣብ ኣምሓራ ቴሌቪዥን "ካብ ትግራይ ካብ ዓድግራትን ሽረን ዝመፁ ሰባት እዮም ብስም ቅማንት ዝወግኡና ዘለዉ ፣ ተጋሩ ደመኛታት ፀላእትና እዮም" ክብሃል ክንሰምዕ ኢና ዘምሸና። ኣብቲ "ዕርቂ ወሪዱ" ዝተብሃለሉ ዕለት ከምኡ ውን ኣብ ቐፀልቲ መዓልቲታት፣ መራሕቢ ሓፋሽ ኣምሓራ ሰፋሕቲ ቅሉዓት ፀረ-ትግራይ ፕሮፖጋንዳታት ክነዝሑ ኢና ዝረኣና። "ዕርቂ" ኣብ ዝተብሃለሉ ዕባሕ ናይቲ ክልል ናይ ፀጥታን ድሕንነትን ሓላፊ ዝኾኑ ቀድሚ እቲ "ለውጢ" ብኽሕደት ሃገር ተኸሲሶም ኣብ ቤት ህንፀት ዝነበሩ ሓላፊ ንናይ ወረዳታት ኣዘዝቲ ፖሊስ ኣኪቦም "ኣብ ትሕቴኹም ዘለዉ ዕጡቓት ክላሽኖም ከውልዉሉ ንገሩ፤ ፀላእትና ሓደ ብሓደ ክነጥፍእ ኢና፤ ፈለማ ንቕማንት ነጥፍእ እሞ ካብኡ ናብ ትግራይ ክንዘምት ኢና፤ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ እውን ኣብዚ ደጋፊና እዩ" ክብሉ እዮም ዝተሰምዑ።

እዞም በዓል ስልጣን መንግስቲ ኣምሓራ ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ባህርዳር ሙሉኣለም ኣዳራሽ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝገበሩዎ ዘተ - "ብሰላም ዝተሃነፀ ዓዲ የለን፤ ኣብ ምዕራብ ጎንደር እንገብሮ ዘለና ውግእ ምስ ህዝቢ ቅማንት ዘይኮነስ ምስ ናይ ትግራይ ግዝኢ መደብ እዩ፤ ሰር ኮንስትራክሽን ዝብሃል ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ትካል ካብ ክልልና ክወጽእ ገይርና ኣለና፤ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘይውክለና ስለዝኾነ ኣይንሓተሉን ኣይንሕተተሉን፤ ንኹሎም ዕጡቓትና ክነሰልጥኖን ብዕጥቂ ክንሕግዞምን ኢና፤ እንሕግዞ ግን ነንሕድሕዱ ክዋጋእ ዘይኮነስ ክውጋእ ክውቃዕ ዘለዎ ፀላኢ (ትግራዋይ ዝብሃል) ስለዘለዎ እዩ" ክብሉ ተሰሚዖም እዮም።

ቁጽሪ ቴሌፎን: 0910070174/0914262298/0911966470

**ሰብ ሕድሪ ሲቪል**
**ማሕበረ-ሰብ ትግራይ**
**ትግራይ ፣ መቐለ**

**Seb-Hidri Civil Society of Tigray**
Tigray, Mekelle

ብሓፈሻ ኣብቲ ‘ዕርቂ ተኻይዱሉ’ ዝተብሃለ ዕለትን ድሕሪኡን ዝነበሩን ዝቐፀሉን ምዕባለታት ዘረጋግፁልና ሓቂ፣ ኣብዚ እዋን ኣብ መንፈስ ውድባትን ልሂቃንን ኣምሓራ “ዕርቂ” ዝቕበል መንፈስ ክምዘየሎ እዩ። ኣብ ኽልል ኣምሓራ ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ኩናት እምበር ብዛዕባ ዕርቂን ሰላምን ኣይኮነን ዝስበኽ ዘሎ። እዚ ድማ ብሽፍንፍን፣ ብቕኔ፣ ብጥበብ ዝግበር ዘይኮነስ ኣብ ኣደባባይ፣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣኪብካ ዝግበር ዘሎ ቅሉዕ ናይ ንውግእዮም፣ ናይ ዝመት፣ ናይ ኽተት ኣዋጅ እዩ።

ምስዚ ድማ ክምቲ ብግልፂ ዝርአ ፖለቲካ ኣምሓራ ሓደ ናይ እዚ ማእኽል የብሉን። እቲ ኽልል ብፈዳይን፣ “ብጎበዝ ኣለቃታት”፣ ብመትሐዚ መጨበጢ ዘይብሎም ብጽልኢ ተጋሩ ዝዓወሩ ዕጡቓት ዝዝወር እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ምስ መን ኢና ንዝቲ ዘለና እውን ዝፍለጥ ነገር የለን። ኣሸንኪይዶ እቲ መመሓደሪ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ባህርዳር በበይኑ ዝዛረብ ብዓል ክልተ መልሓስ ክዮኑስ ዋላ ካብ ልቡ ሰላም እንተዝብህግ እውን ንሱ በይኑ ዝፈጥሮ ሰላም የለን። እቲ ክልል ኣብ ትሕቲ “ኣብ ልዕሊ ትግራይ ንዝመት፣ ህዝቢ ትግራይ ንቕተል፣ ነበሳብስ፣ መሬት ትግራይ ቖሪስና ቖራሪስና ንትግራይ ካብ ካርታ ንደምስስ” ዝብሉ ብዙሓት “ደም-መላሻት” ቁፅፅር ዘሎ፣ ፍፁም ስርዓት ኣልቦነትን ናይ ኣጥፊእኻ ምጥፋእ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ዝነገሶ እዩ።

ሰብ ሕድሪ ብሓፈሻ እቲ “ዕርቂ” ካብ ኣብ ቅድሚ ካሚራ ምጭብባጥን ዝዘለለ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዝበፅሐ በደላት ተሓታትነት ዘስፍን ከምኡ ውን ካብ ክልል ኣምሓራ ናብ ትግራይ ዝቐንዐ ሓደጋ ዘትርፍ፣ ቀጻልነት ሰላም ዘረጋግጽ ኣይኮነን ዝብል እምነት ኣለዎ። ሰብ ሕድሪ ንህዝብና ዝተጋገየ ሓበሬታ ሂብና ከነዘናግዖ ዘይኮነስ ሓቀኛ ምስሊ ህሉው ኩነታት እዛ ሃገር ኢና ከነጨብጦ ዘለና ኢሉ ይኣምን። እቲ ህሉው ሓቂ ድማ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ንኹሉ ነገር ድሉው ክኸውን ዝጠልብ ክምዝኾነ ብምእማን፣ ህዝብና ንዓት እኒ ትንሽ ክብል ክምዝይብሉ ሰብ ሕድሪ የተሓሳስብ።

## ለ. ወግዓዊ መግለፂ ኢህወዴግ፤

ብመሰረቱ ሲቪል ማሕበርና ኣብ ናይ ሓደ ውድብ ወይ ጥርናፈ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣትዩ ርኢቶ ክህብ መትካላውነትን ባህግን እኳእንተዘይሃለዎ፣ ህዝቢ ትግራይ ነባራዊ ሓቂ ክግንዘብን ኣጠማምቱኡ ውን ብኡ መነፀር ክቓኒን ካብ ምድላይ ዝብገስ፣ ሰብ-ሕድሪ ኢህወዴግ ከም ጥሙር ግንባር ህልውንኡ ኣብ ወረቐት እምበር ኣብ መሬት ክምዘየለ ክስመረሉ ዝግባእ ኩነት እዩ ኢሉ ይኣምን።

ከም ገምጋም ሰብ ሕድሪ ኢህወዴግ ካብ ዝፈርስ 10ይ ወርሑ ሒዙ’ሎ ኢሉ ይኣምን። ስለዚ ነዚ ኣብዛ ሃገር ዘሎ ስርዓት ክህልወና ዝግባእ ኣጠማምታ ኣብ “ድህረ-ኢህወዴግ(Post-ERPDF)” ክምዘለና ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ይኣምን።

ናብቲ ቅድሚ ሒደት መዓልቲታት ዝተዛዘመ ዋዕላ ፈጻሚት ኢህወዴግን ንዕኡ ስዒቡ ዝወጸ ኦፊሴላዊ መግለፂን እንትንመፅእ፣ ብሓፂሩ ናይቲ መግለፂ ብሕታዊ ኣወንታ እቲ ሓዱሽ ናይ ለውጢ ሓይሊ እየ በሃሊ ጉጅለ ንፈለማ እዋን ናይዛ ሃገር ኢኮኖሚ ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ክምዘሎ ምእማኑ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ናይዛ ሃገር እቲ ዝበለፀ ዘተሓሳስብን ግዘ ዘይህብን ጸገም ኢኮኖሚ ኮይኑ ብፍላይ ስእነት ስራሕ መናእሰይ ድማ ዝዓበየ ጸገም ምዃኑ እቲ ናይ “ለውጢ ሓይሊ እየ” ዝብል ጉጅለ ምእማኑ፣ እቲ መሪሕነት ምስቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ብውሱን መልክዑ ክተዓረቕ ጀሚሩ ኣሎ ዘብል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ናይታ ሃገር ቀጻሊ ጉዕዞ ኣንፈት ዝምልከት ሓበራዊ ራእይ ክምዘየሎ፣ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ሓደ ገይሮም ክጠምሩ ዝኽእሉ ናይ ሓበር ኽብርታት ክምዘየለው/ክምዘይተሃነፀ ፡ ቐፃሊ ህልውና እዛ ሃገር ኣብ ምልክት ሕቶ ክምዘሎ ምኽኣሉ

ቁጽሪ ቴሌፎን፡ 0910070174/0914262298/0911966470

**ሰብ ሕድሪ ሲቪል**
**ማሕበረ-ሰብ ትግራይ**
**ትግራይ ፣ መቐለ**

**Seb-Hidri Civil Society of Tigray**
Tigray, Mekelle

እውን ከም ኣወንታዊ/ምዕቡል ጎኒ እቲ መግለፂ ተጌሩ ክውሰድ ዝኽእል እዩ። ኮይኑ ግን ዝተረፈ ትሕዝቶ እቲ መግለፂ እንትንፍትሾ ብዛዕባ እቲ “ናይ ለውጢ ሓይሊ እየ” ዝብል ዘሎ ኣካል ዝስዕቡ ነጥብታት/ሓቅታት ነሊሆም ንረኽቦም፤

1. ሐዚ እውን እቲ “ናይ ለውጢ ሓይሊ እየ” ዝብል ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣካል ነቶም ኣብዛ ሃገር ዝርኣዩ ዘለዉ ንገሊኦም ባዕሉ ዝሃንደሶም ንገሊኦም ድማ ኣብ ከይዲ ዘጋደዶም ፀገማት ሓላፍነት ክወስድ ዘይደሊ፤ የግዳስ እቲ ተሓታትነት ናብቲ “ፀረ-ለውጢ” ዝብሎ ኣካል እንዳደርበየ፤ ናይቶም ዓወታት ጥራሕ ብሕታዊ ብዓል ቤት ብምኻን፤ ነቶም ጸገማት ግን ናብ ካልኦት ብምፅጋዕ ንገዛእ ርእሱ ካብ ተሓታትነት ነፃ ክገብር ዝደሊ በለጸኛ ሓይሊ ምዃኑ፤
2. ካልእ ተረፉስ ብቶም ተደመርቲ ተባሂሎም ዝተወየሱ መሻርኽቱ ዝኾኑ ኣመራርሓ ኢዩ ብቕሉዕ ዝሳለጥ ናይ ዘይሕጋዊ ኣጽዋር ዝውውርን ንዑኡ ስዒቡ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዜጋታት ዝበፅሕ ዘሎ ናይ ሂወት፣ ኣካልን ንብረትን ጉድኣት፤ ተሓታትነቱ ንኽልእ (ንቲ ዝፈረደሉ “ፀረ-ለውጢ”) ሓይሊ ክህብ ዝፍትን ዘሎ ሓይሊ ምዃኑ፤
3. ኣብ ውሽጢ ኢህወዴግ ናይ ዕላማን ናይ ተግባርን ሓድነት ከምዝጠፍአ፤ ኣብ ሞንጎ ኣባል ውድባት ልዑል ምጥርጣር ከምዘሎ ብዕሊ ምእማን ሓደ ነገር ኮይኑ፤ ነቲ ንምፍታሕ ዝተበገሰ ስምምዕነት ግን ክግለጽ ከምዘይተደለየ ወይ ከምዘይተበጽሐ፤
4. ኣብ ልዕሊ “ናይ ለውጢ መሪሕነት” ዘይድግፉ ሚድያታት ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ማሕበራዊ ሚድያታት ስጉምቲ ንምውሳድ ልዑል ድሌት ከምዘሎ ዘረጋግፀ እዩ።

ብሓፈሻ እቲ መግለጺ ዝተብሃለ ክንዲደሳቱ ይመስለና፤ ናብይ ከምዝበሉ ኣብ ዘይነበረ “ድህረ-ኢህወዴግ” ኢልና ክንገልፆ ዘገድድ ኩነታት ናይ ምህላውና ሓቂ ግን ክቕይሮ ኣይኽእልን። እቶም “ፀሓይና በሪቑልና” ኢሎም ካብዚን ካብቲን ተኣኻኺቦም ዘለዉ፤ ነንርእሶም ተጓነፅቲ ድሌታት ዘለዎም፤ ዝበዝሑ ካብ ሕነ-ምፍዳይ ዝሓለፈ ነዊሕ ዝጎዓዝ ራኢ ዘይብሎም ሓይልታት ንትግራይን ተጋሩን “ኣገዳሲ ፀላኢ(relevant enemy)” ገይሮም ንትግራዋይ ርእሱ ከድንኑ፣ ከደቑሱ፣ ክጭፍልቑ፣ ንትግራይ ካብ ካርታ ክፍሕቑ ግንባር ዝፈጠሩሉ ኩነታት ከም ዘሎ ከኣ - “ብዕርቂ ህወሓት-ኣዴፓ” ኮነ ብመግለጺ ኢህወዴግ ዝኽወል ሓቂ ኣይኮነን።

ስለዝኾነ ሰብ-ሕድሪ ትግራዋይ ክብርኻን ህልውናኻን ንምውሓስ ሓድነትካ ኣፅንዕ፣ ዕጥቅኻ ኣስጥም ይብል። ጎኒ ንጎኒ ድማ ፈውሲ ጻላእትኻ ዝኾነ ሓድነትካ ዝሽርሽሩ ውሽጣዊ ሕመቓት ማለት ውን ብልሽውና፣ ፀረ-ዲሞክራሲያዊ ተግባራትን ኣተሓሳስባታትን፣ ስእነት ሰናይ ምሕደራ፣ ቢሮክራሲዊ ማሕለኻታት፣ ኔትወርካዊ ሽርሒታትን ትሕተ-ትግራዋይነት ዝኾኑ ኣራእእያታትን ... ወ.ዘ.ተ ብጥሙር ቅልፅምካ ተቓለሶም ክብል ፃዊዒቱ የቕርብ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑና!

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ

መቐለ

ጥሪ 13/2011 ዓ/ም

ቁጽሪ ቴለፎን: 0910070174/0914262298/0911966470